# መኸተ
## ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር




## መቕድም

ኣሕተምቲ ሕድሪ፡ ነቲ ካብ ግንቦት 1998 ክሳዕ ሰነ 2000፡ ናጻ ኤርትራ ገና እግራ ከይደልደለ፡ ብ ረዚን መ ስዋእቲ ዘረጋገጸቶ ሃገራዊ ልኡላውንት ትርጉም ኣልቦ ንምግባር ዝተፈተነ ሰለስተ ገዚፍ ወራራት ስርዓት ወያነን ነዚ ወራራት`ዚ ኣብምፍ ሻል ደጊሙ ዝተመ ስከረ ጅግ ንነታዊ መ ኸተ ህዝ ቢ ኤርትራን ሓይ ል ታት ምክልኻሉን ንምንጽብ ራቕ፡ እዛ ``መኸተ ፡ ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገ ር`` ዘርእስታ ታሽዐይቲ ቅጺ ``ዛን ታታት ተመ ኵርሮ ገ ድሊ `` ናብ ኣንበብቲ ይዝ ርግሕ ኣሎ።

ታሪኽ ወራር ወያነ ብ ግዜ ሓጺር ይኹን እምበር፡ ብ ዙ ሕን ዝ ተሓላለኸ ንፓለቲካዊ፡ ድ ፕ ሎማ ሲያዊ ንወ ተ ሃ ራ ዊን ፍ ጻመታት ዝ ሓ ቑ ፈ እዩ ። ብስነ -መ ጎት ሓ ይሊ፡ ዓ መጽ ክነ ግስ ዘንቀድ ፡ ከቢድ ቀኍ ጣባዊ ዕንወትን ምምዝ ባልን ብዘስዓበ ኲናት ድማ`ዩ ነ ይሩ።

ኣብ መወ ዳእታ ፡ እቲ ሓደ ገኛ ውጥን ፈ ሺሉ፡ እቲ ኲናት ዕላማ ኡ ከይወ ቕዐ ብሓ ያል መኸተን ጅግንነ ት ን ተረከብቲ ሕድሪ መንእሰያት ኤርትራ፡ ተጋዳላይን ህዝ ቢን በርዒ ኒ ምትራ ፉ ድማ፡ ነ ቲ ብ ቕያ ታት ሓርነ ታዊ ቃ ልሲ ዝተመልአ ሃገ ራዊ ታሪኽ ኤርትራ ዝያዳ ርዝነ ት ክውኸሉ ክኢሉ እዩ።

ኣብ መእተዊ`ዚ ናይ መጽሓፍ`ዚ፡ ዝምድና ሰውራ ኤርትራ ምስ ተቓወምቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ምስ ህ.ወ.ሓ.ት. ድማ ብፍላይ ብኸመይ መስርሕ ከም ዝሓለፈ፡ ነቲ ብዙሕ መሰናኸላት ሰጊሩ ደሓን ኣንፈት ዝሓዘ ዝምድና ዘሐርፈፈ፡ ኣብ መወዳእታ'ኸኣ ናብ ኲናት ዘዕረገ ፓለቲካዊ፡ ቍጠባዊን ካልእን ምኽንያታት፡ ከምኡ`ውን መስርሕ ናይቲ ኲናትን ጎድናዊ ሳዕቤናቱን ብሕጽር ዝበለ ተተሪኹ ኣሎ።

እዚ ሓፈሻዊ ታሪኻዊ መእተዊ`ዚ፡ ኣብ ማእከል ምርምርን ሰነዳን ንዝርከቡ ሰነዳት ህዝባዊ ግንባርን መንግስቲ ኤርትራን፡ ከምኡ`ውን ኣብ እዋን`ቲ ኲናት፡ ብማዕከናት ዜናን ካልእ ዝተፈላለየ ጽሑፋትን ዝቃላሕ ዝነበረ ሓበሬታ፡ መግለጺታትን ትንታነታትን ብምውካስ ዝተዳለወ እዩ። እቶም ብጸሓፍቲን ተረኺቲን ቀሪቦም ዘለው ሓጸርቲ ዛንታታት ከኣ፡ ነቲ ወራር ኣብ ምፍሻል ዝተራእየ ጅግንነት ተረኪብቲ ሕድሪ መንእሰያትን ተጋደልቲን (ዋርሳይ-ይከኣሎ)፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን ነዚ ልኡላውነቱ ከደፍር ዘንቀደ ወራር፡ ብልዑል ወኒን ሃገራዊ ስምዒትን ዝመከተሉ ሃውህው ዘንጸባርቑ ኰይኖም፡ ኣብ መቓን ናይቲ ኣብ መእተዊ ብሓጺሩ ሰፊሩ ዘሎ ፓለቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያውን ወተሃደራውን ኩነታት ኣእቲኻ ዝርኣዩ እዮም።

ከም ታሪኽ ሓርነታዊ ኲናት፡ ነዚ ልኡላውነት ርትር ንምግሃስ ዳግም ዝተፈነወ ገዚፍ ወራር ኣብ ምብርዓን ዝተራእየ መከተን ጅግንነትን ህዝቢን ሓይልታት ምክልኻልን ኤርትራ፡ ኣብዚ ሓደ መጽሓፍ ብምልኣት ክግለጽ ዘይክእል`ኳ እንተኾነ፡ እዚ ቀሪቡ ዘሎ ዝኽርታት፡ ነቲ ዝነበረ ሃዋህው፡ ሃገራዊ ፍቕሪን መኸተን፡ ዝተፈጸመ ቅያታትን ብመጠኑ ከንጸባርቕ ትጽቢት ኣሰናድእቱ እዩ።

እዚ መጽሓፍ`ዚ ብቐንዱ ብኣሕተምቲ ሕድሪን ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍን እተሰናድኣ ኰይኑ፡ ናይ ብዙሓት ካልኦት ውልቀ-ሰባትን ኣበርክቶ እውን ዝተሓውሰ እዩ። ክፍሊ ሰነድን ምርምርን ህግደፍ፡ ሚኒስትሪ ዜና፡ መወከሲ ጽሑፋት ኰነ_ስእልታት ብምቕራብ ትሕዝቶን ጽባቐን ናይዚ መጽሓፍ`ዚ ኣብ ምምዕራግ ዓቢ ኣበርክቶ ገይሮም እዮም። ኣብቲ ኲናት ዝተሳተፉ ዋርሳይን ይከኣሎን ውዕሎታቶም ብምዝንታው፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ብሓፈሻ፡ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ድማ ብፍላይ፡ ንጸሓፍቲ ኣገዳሲ ሓበሬታን መኣረምታን ብምስናቕ ዝገበሩዎ ምትሕብባር ኣብ ኣስልጦ ናይዚ ስራሕ`ዚ ዓቢ ግደ ተጻዊቱ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ`ዚ፡ ንኹሎም ኣብ ምስንዳእ ናይዚ መጽሓፍ`ዚ ዝተሳተፉ

ጸሓፍቲ፡ ኣዘንተውቲ፡ ኣርታዕቲ፡ ወሃብቲ ሓበሬታን መኣረምታን ልዑል ምስጋናና ንቕርበሎም።

**ኣሰናዳኢቲ**